# ኣጉል ወዳሰ'ዶ ሓቀኛ ታሪክ ?

እዚ ከም ርእሲ ቀሪቡ ዘሎ ሕቶ ንፀሓፍትን ናኣድትን "ፅንዓት" ዝምልከት እዩ።

"ፅንዓት" ብዝብል ርእሲ ጋዜጠኛ ሃይላይ ሓድጉ ሓቀኛ ታሪክ ኢሉ ኣብ 338 ገፃት ዝተፅሓፈ ወዳሰ-ስዩም ተባሂሉ ክስየም ዝክእል መፅሓፍ ኣቕሪቡ ኣሎ። ገና ካብ መቕድሙ / ቅድሚ ኹሉ ብዘይነበረን ዘይተገብረን መወድስ ጀሚሩ ብፅወፅዋይ ከዓ ይወድኦ። ታሪኽ እቲ ወድብ ንዝፈልጠ ሰብ ልቢ መቑሰሊ/የመና መሕዘኒ እዩ። መደበሲኡ ከዓ ሓቂ ምዝራብ/ምፅሓፍ ጥራሕ እዩ።

ብኣብነት ክጅምር፤ ኣብ መቕድም እዚ መፅሓፍ  ገፅ V ቅድሚ ኹሉ "ማለስ... ካብቶም ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝጀመሩን ኤርትራ ከይዶም ታዕሊም ዝወሰዱን ምኳኑ" ክብል ተረጊፁ ይገልፅ። ክልቲኡ ሓበሬታ ሓቂ ዘይኮነ (ሓሶት) እዩ። ማለስ (ለገሰ ዜናዊ) 1/ ካብቶም ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝጀመሩ **ኣይኮነን** ፣ 2/ ኤርትራ ከይዱ ታዕሊም **ኣይወሰደን** ። የግዳስ ካብቶም ናብ ታዕሊም ዝተሓረዩ ቆራፃት ሰባት (ብፆቱ) ኣብ ኣስመራ ሞሊቖ ጠፊኡ፤ ድሕሪ ኣዋርሕ ኣባይን ሃይሉን ናይ ኤርትራ ታዕሊሞም ኣቛሪፆም ናብ ወድባዊ ስራሕቲ ክሓልፉ ኣብ ከተማ ዓዲ-ኳላ/ኤርትራ ተሓቢኡ ዝረኸብዎ ሰብ እዩ። ኣብ ኣጋመወዳእታ እዚ መፅሓፍ (ምዕራፍ 9 ገፅ-322) "ማለስ ገና ካብ ብጉሓቱ በሊሕ፣ ማስተወዓሊን ኣማትን..." ይብል'ሞ "ተባዕነት፣ ጅግንነትን ወፍይነትን መገለፂታቱ ኮኑ" ኢሉ ይምስክር።ኣብ ኣድዋን ዓዲ-ዳዕሮን 2 ጊዜ ካብ ማስመር ወግእ ብፆቱ ጠንጢኑ ዝሃደመ 'ተጋዳላይ' መገለፅታቱ ተባዕነት፣ ጅግንነትን ወፍይነትን እንተኾይኑ፣ እቶም ቤዛ ህዝቦም ዝተሰውኡ፣ ኣካሎም ዝጎደለን ዝተለሓሓፁን ተጋደልቲ'ኸ እንታይ ዓይነት ስም እዩ ክወፀሎም?

እዚ ሰብ/ለገሰ ዜናዊ ብ81 ዓ/ም ንጋዜጣ ዋሽንግተን-ፖስት (Washington Post-1989) ኣብ ዝሃቦ ቃለ-መሕትት "ኣብ ዓዲ-ዳዕሮ ተወጊአ፣ እታ ጥይት ኣብ ወሽጢ ርእሰይ ኣትያ ኣላ" ኢሉ ዝሓሰዎ'ውን ከም ሓቂ ክንቅበሎ ኣለና ማለት ድዩ? ንቲ ህድማ ሓሶት ዝወስኸሉ ሰብ ተባዕ/ጅግና/ወፋይ እንተተባሂሉ "ዘበን'ያ ግርምቢጥስ ማይ ንዓቕብ" ካብ ምባል ሓሊፍና እዚ ሰብ በቲ ናይቲ ወድብ ኣሳራርሓ ከቢድ ቅፅዓት ክረክብ ወይ ኣባል እታ ወድብ ኮይኑ ክቕፅል  ዘይግባኦ ምንባሩ ጠቒስካ ምሕላፍ ግቡእ እዩ።

እዚ ኣብዛ ሓፃር ፅሕፍቲ ኣቐዲመ ዘለኹ መእተዊ፤ ናይእቲ መፅሓፍ ኣጠቓላሊ ትሕዝቶ፣ ጀሚሩ ክሳብ ዝወድእ፣ ኣብ ሓሶት ዝተማስረተ ምኳኑ ሓቢርካ፣ ምንባቡ ጊዜ መቕተል ጥራሕ ዘይኮነ መደናገሪ ወሉድ-ወለዶ ምኳኑ ማጠንቀቕታ/ሓበሬታ ንምሃብ እዩ። ብዝተረፈ እቲ መፅሓፍ ቀነዲ ትኹረቱ ንስዩም ምውዳስ ኮይኑ ብስወር ግና ንሃይላይ ማኣርሒ ገይሩ ማሰሪ ተልእኾ ዝሓዘለ ብምኳኑ ናይ ለገሰ ዜናዊ ሜእለያ ዘይብሉ ጉድ ኣፅኒሕና ናብቲ ዘበገሰኒ ምርመራ 'መወድስ ስዩም'ን ማሰሪ ተልእኹኡን ከዝግም። ካብ መቕድሙ በዚ ዝተጠቐሰ ሓሶት ዝጀመረ ፅሑፍ፣ ትሕት ኢሉ ኣብታ ገፅ V ባዕላ "... ታሪኽና ስለዘይተፅሓፈ ዘጋጥም ዘሎ ምዝባዕ ዓሂ ፈጢረለይ" ይብል ሃይላይ። እዚ ስምዒት እዙይ ቁሩብ ሓቅነት እንተሃልይዎ ጋዜጠኛ ሃይላይ ንስዩም ዘይናቱ ክህብ ኣብ ሕድሕድ ገፅ እቲ መፅሓፍ ኣዛቢዕዎ ዘሎ ታሪክ ምስተገንዘበ ጣዕሳን ሓዘንን ከሰኩንዎ እዮም። ወይስ ናይ ወናም ኣቡኡ ተቓላሳይ ሓድጉ ከበደ ወነ ተላቢሱ ሓቂ ብምወፃእ ንማሉእ ዕድሚኡ ዘኸርዕ ታሪክ ክሰርሕ እዩ?

እዚ መንእሰይ ሓወና በቲ ቋንቋና ናይ ኣፀሓሕፋ ኽእለቱ ዝናኣድን ከበራታታዕ ዝግበኦን እዩ፤ ኮይኑ ግን ንስዩም ክወድስ ክብል ንወሉድ-ወለዶ ክሓልፍ ዝኽእል ዓብዪ ናይ ታሪክ ምዝባዕ ስለዝፈጠረ፣ ምዕቡል ጎኑ ከይረሳዕና እቲ ሚዛን ዝደፍአ ጌጋኢ ብእዋኑ ምእራሙ ብብዙሕ ምኽንያት ኣድላዪ እዩ። እቶም ምኽንያታት ካብ ንባዕሉ ጀሚሩ ንስወኣት/ንወጉኣት/በቲ ቃልሲ ንዝተለሓሓፀ ኩሎም ከምኡውን ንመፃኢ ትወልዲ ዝምልከቱ ከምዝኾኑ ሓቢርካ ምሕላፍ ንጊዜኡ እኹል እዩ።

ቅድሚ ናብቲ ዝርዝር መኸተ ምእታውና 'ሓቀኛ ታሪክ' ከመይ ዝበለ እዩ ? ካብ 'መወድስ'

ብምንታይ ይፍለ ? ዝብሉ ሕቶታት ብሓፂሩ'ውን እንተኾነ ምርኣዮም ኣድላይ ይመስለኒ። 'ሓቀኛ' ዝብል ቅፅል ይፅናሓልና'ሞ፣ ታሪክ ማለት ንባዕሉ እንተራኣይና ሰብኣዊ ፍጡር ኣብ ከይዲ ምዕባላኡ ብሓባር ይኹን ብነፀላ ዘካየዶም ፍፃሜታት፣ ከምቲ ዝነበሮን ዝኾኖን ካብ ምምዝጋብ ሓሊፉ፤ ንምንታይ ከምኡ ከምዝኾነን ፅቡቕ ይኹን ሕማቕ ሳዕቤናቱ ብመፃራይነት ኣገባብ ንቐፃሊ ትወልዲ ዘተሓላልፍ ዓወደ-ፅንዓት እዩ። ሕዚ ወዲ ሰብ ኣጋጠምዎ ዘሎ ፀገም ይኹን ራህዋ፣ ትሕትነት ይኹን ዕቤት፣ ንምርዳእ - ኣስዒብካውን ነቶም ፀገማት መፍትሒ ንምእላሽ - ታሪክ ዝነበረ ድኽመትን ጥንካረን፣ ሕመቕን ፅባቕን፣ ወድቀትን ትንሳኤን መምስ ምኽንያቱ ብጋህዲ ከቕርብ ኣለዎ። ሕሉፍ ጉድለት ብትኽክል ምፍላጥ ከዓ ጌጋ ከይድገምን መፃኢ ጉዕዞ ምቹዊ ምግባርን ማለት እዩ። ካብዚ ተላዒልካ ክረኣ ከሎ፣ ፀሓፊ ታሪክ ምዃን ቀሊል ስራሕ ካብ'ዘይምዃኑ ሓሊፉ በቲ ሞያ ምስልጣንን ስርዓት ዝተኸተለ ምርምር ምክያድ ክህሉ ኣለዎ። በዚ ተኽእሎ እዙይ ዘይተፅዓረሉ ትረኻ ታሪክ ክኸውን ኣይኽእልን።

እዙይ ማለት፣ ታሪክ ተባሂሉ ኣብ ዝቐረበ ፅሑፍ ዝዝርዘሩ ሕድሕድ ክውንነታት ብዝጨበጡ (ኣካላዊ፣ ሰብኣዊ፣ ሰነዳዊ) መረዳእታ ክስነዩ ኣለዎም። እቶም ጭቡጥ መረዳእታታት ዝተብሃሉ ከዓ ዘየሰሓሕቡ ብናይ ሰነድ ወይ ናይ ቃል ምስክርነት ክረጋገፁ ዝኽእሉ ማለት እዮም። ካብዙይ ወፃኢ ዝድረስ ፅሑፍ ክእለት ዘድልዮ'ኳ እንተኾነ ፅወፅዋይ/ነበረያ-ነበረ፣ ታሪክ-ቀመስ ልበ-ወለድ፣ 'ወዳሰ' (ከም ወዳሰ ማርያም) ወዘተ ክበሃል እንተዘይከይኑ ታሪክ - እሞ'ኻዓ 'ሓቀኛ ታሪክ' ክባሃል ኣይካኣልን - ኣይግባእን። ዝፀሓፈ ይፅሓፎ 'መወድስ' እንተኾይኑ ግድን ሰነዳዊ መርትዖ ወይ ናይ ሰብ ምስክርነት ዘየድልዮ ኣይኮነን፤ ኣብ ሜልቀስ ወይ ኣብ መርዓ ከምዝስማዕ፣ ንዝተወሰነ ሰብ ዝምልከት ዝተጋነነ ናእዳ እዩ።

ጋዜጠኛ ሃይላይ 'ሓቀኛ ታሪክ' ኢሉ ዘቕረቦ መፅሓፍ ዘንበበ ሰብ፣ ብፍላይ ከዓ ክብደት ናይ ታሪክ ኣፀሓሕፋ ዝርዳእን ኣብቲ ዝባሃል ዘሎ ታሪክ ዝነበረን ዝተሳተፈን እንተኾይኑ፣ ናይ ግድን ከልዕሎም ዝግብኦም ሕቶታት ክህልዉ እዮም። ሓደ ዓብይ ሕቶ - ዕድሜኡ ስለዘይፈቐደ ሃይላይ ኣብቲ ዝደረሶ ታሪክ ተሳታፊ ኣይነበረን'ሞ - ፍልፍል መረዳእታኡ መን'ዩ? ዝብል ኮይኑ፣ እቲ 'ሓቀኛ ታሪክ' ዝበሃል ዘሎ'ኸ ብሰነዳት ተደጊፉ ድዩ? ቃለ-መሕትት ዝተገበረሎም ወልቀ-ሰባት'ከ እንመን እዮም? (ነፃን ሞንጎኛን ዶ ወይስ "ወጠጦ'ያ ንወጠጦ ክምስክረሉስ ከይንሕረድ በቃ በሉ" ዓይነት) ዝብል'ውን ሓቢሩ ክረአ ዝግባእ'ዩ።

ነዚ 338 ገፃት ናይ ሃይላይ 'ፅንዓት' ዝድግፉ ሰነዳት (ንሱ'ውን ሰነዳት ንምባል እንተተኻኢሉ) ናይ 2 ሰባት ፅሑፋትን 2 መፅሄታት ወይን ሕታም ለካቲት 1992ን 1997ን ዓ/ም ጥራሕ እዮም። ቃለ-መሕትት ምስ ህዝብን ወየንትን ደደቢት፣ ኣድያቦ፣ ኣዘባ፣ ኢሮብ፣ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ሚ/ጉ/ወፃኢ ስዩም መስፍን ሓዊሱ ምስ 35 ሰባት ከምተኻየደ ይጠቅስ። እተን ከም ሰነዳት ዝተቐፀራ 4 ፅሑፋት ብዓይነታዊን መጠናዊን ትሕዝቶአን ነቲ ንኣይተ ስዩም ማእኸል ገይሩ ዘሎ 'ፅንዓት' መሪር ቃልሲ 17 ዓመት ብዝኾነ ማለከዒ ዝምጥን ኣይኮነን። ናይ ሰነድ ሕፀረት ወይ ናይ ነባራት ማስኻኸር ስእነት

ከምዝይኮነ ከዓ ማንም ሰብ ክስሕቶ ዘይኽእል ሓቂ እዩ። ኩሉ ሰነዳት ናይቲ ወድብ ለገሰ ካብ ትግራይ ኣኻኺቡ ወሲዱ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቆሊፍዎ ከምዝሎ ስዩም ኮነ ሃይላይ ዝጠፍኦም ኣይኮነን።

ከምኡ'ኳዓ ስዩም ማስፍን ሓዊሱ ምስ 35 ሰባት ቃለ-መሕትት ምክያዱ ሃይላይ ጠቒሱ ኣሎ። ኮይኑ ግና እቶም ዝተጠቕሱ ሰባት ኣየናይ ሓበሬታ ከምዝሃቡን ብሓላፍነት ዘጥይቖም መረዳእት ኣየናይ ምዃኑን ብሱሩ ዝፍለጥ ኣይኮነን። ስለዙይ ድርሰት 'ፅንዓት' ሓቀኛ ታሪክ ዘብሎ ረጃሕታት ሓንቲ የብሉን።

ትሕዝቶ ናይ 'ፅንዓት' ተዓዚብና ክነብቅዕ፣ ክንበፅሖ እንኽእል መደምደምታ'ውን ኣሎ። ንሱ'ውን 1/ እቲ 'ሓቀኛ ታሪክ' ዝበልዎ መወድስ፣ ጀሜሩ ክሳብ ዝወድእ ብዛዕባ ኣይተ ስዩም ማስፍን ካብ'ኮነ፣ 2/ ኣይተ ስዩም ቃለ-መሕትት ወሃባይ'ውን ስለዝኮነ፤ 3/ መጋብር ስዩም ዝፈልጥ ቅድሚ ኹሉ ባዕሉ ኣይተ ስዩም ብምዃኑ፤ ሰለስቲኡ ነጥብታት ኣጣሚርካ ክራኣይ ከሎ ናይዚ መፅሓፍ ቀንዲ ፍልፍል መረዳእታ ኣይተ ስዩም ባዕሉ ካብ ምዃኑ ኣይሓልፍን። ስለዙይ ጋዜጠኛ ሃይላይ ኣብ'ዘይተሳተፈሉ፣ ሰነድ ኣብ'ዘይኣቕረበሉ፣ ማስከርቲ ኣብ'ዘይጠቐሰሉ ዝደረሶ ፅሑፍ 'ወዳሰ' ከይብሎ 'ሓቀኛ ታሪክ' ምባሉ፣ ብፍላጥ ይኹን ብዘይምፍላጥ፣ ጌጋ ወዒሉ ኣሎ። ኮይኑ ከዓ ዘይኮነ ታሪክ ብሃይላይ ክፃሓፍ ካብ ዝተምሃዘ ሓበሬታ ጀሜሩ ዙርያማላሽ ሓገዝ ብምሃብ ዝተሰለፉ ሰባት፣ ካብ ስዩም ጀሜሩ ቀንዲ ተጠየቕቲ ይኾኑ። ለካ እንግሊዛወያን "ታሪክ ብዝሰዓረ እዩ ዝፀሓፍ" ዝብል ኣበሃህላ ዝቖረፁ ከምዙይ ኣጋጢምዎም እዩ! ኮይኑ ከዓ ዝኸሉ ናይ ፈጠራ ወፅሎ ብዘይ ምኽንያት ክኸውን ኣይኽእልን። ቅድሚ ናብ እቲ ምኽንያት ምስጋርና ግና ንመርኣያ ዝኾኑ ኣብ መጀመርታ፣ ማእኸልን መወዳእታን እቲ መፅሓፍ ስግር-ስግር ኢለ ፍፁም ሓሶት ዝኾኑ ወሑዳት ኣብነታዊ ነጥብታትን፣ ቀፂሉውን ሓደ-ክልተ ዘስደምሙ ኹነታትን፣ ዝርከቡሉ ገፅ 'ፅንዓት' ብምጥቃስ ክሕብር።

ገፅ-13፣ ስዩም ኣብ 1965 ኣቦ መንበር ማሕበር ተጋሩ ተምሃሮ ዩንቨርሲቲ ተመሪፁ። ሓሰት።

ገፅ-78፣ ስዩም ንመኼ ዘፍተሐ ኦፖረሽን ሽረ መሪሑ። ሓሰት።

ገፅ-120፣ ስዩም መራሒ መዋፈሪ ዴማ-ማርዋ ነይሩ። ሓሰት።

ገፅ-157፣ ስዩም ሓይሊ መራሒ ኮይኑ ኸናት ሽራሮ ኣትዩ። ሓሰት

ገፅ-292፣ ስዩም ፀገም ድርቂ ኣብ ምፍታሕ መሪሑ። ሓሰት።

ገፅ-303፣ ስዩምን በሪሁን ኣብ ሓደ ገዛ'ዮም ዝነብሩ ነይሮም። ተራ-ሓሰት። ወዘተ.

ብርግፅ ስዩም ቅድሚ ለገሰ ጀሜሩ ተቓሊሱ እዩ፤ ካብቶም ብልቢ ተቓላሳይነቶም ኣብ ሜዳን ወፃኢን ዝፍለጡ ተጋደልቲ ንላዕሊ ግን ምንም ኣይገበረን። ሃይላይ ከምዝቖለሎ መራሒ ዝኸሉ ስራሕቲ ከዓ ክኸውን ኣይኽእልን። ከም ምቻኣለ-ገብርኤል በዓል ክንፊ እንተዘይኮይኑ! ንኻልእ ጊዜ ይፅነሐልና ድኣ'ምበር ከም ሰብ ማጠን'ውን ኣብዙይ ምጥቃስ ዘየድሊ ጌጋታት ፈፂሙ እዩ። ካብዙይ ንላዕሊ ብዘይኮነ ንስዩም ምውዳስ ስወር ኣበር ኣለዎ። ናብ መወዳእታ ገፅ ክነቕልበሉ ከሕይሽ እዩ።

ካልእ ዝገርም ነጥረባርቕ ፈጠራ፤ ልጅ ሃይላይ ኣብ ገፅ፡310-1 "በሪሁ 'ህዝቢ ትግራይ ንባዕሉ ኣብ ትግራይ ክቃለስ ኣለዎ እምበር ናብ ካልእ ክሰግር ኣይብሉን...' እንትብሎ ስዩም ድማ 'ህዝቢ ትግራይ ዝተቓለሰሉ ዕላማ እኮ ዕላማ ህዝቢ ኢትዮጵያ እውን'ዩ' ብምባል...ገለፀሉ" እናበለ ይቐፅል። እቲ ሜልእኸቲ ስዩም ሰፊሕ ናይ ኢትዮጵያ ተጋዳላይ፣ በሪሁ ከዓ ፀቢብ ትግራዋይ ጌርካ ንምቐባእ ዝቐረበ ሓሶት እዩ። እተጠምዝዘ ሓሶት ድኣ ኮይኑ'ምበር ትግራይ ካብ ኢትዮጵያ ተነፂላ ናፃ ሪፖብሊክ ክትከወን

ኣለዋ ኢሉ፣ ኣብ **ማኒፌስቶ-68** ብኢዱ ፀሓፉይ ኣይተ ስዩም (ምስ ሰነዳዊ መርትዖኡ)፤ በሪሁ ድማ ህዝቢ ትግራይ ንበይኑ ኣይነቕጥቕጦ፣ ናይ ደርጊ ኣልማሚት ደብዳብ ኣብ ልዕሊ ህዝብና'ዩ ፃዕዒሁ ዘሎ፣ ምስ ካልኦት ዴሞክራስያወያን ሓይልታት ብምትሕብባር እቲ ሸኽሚ ቃልሲን ዓወቱን ንካፋፈሎ (ሰነዳዊ መርትዖኡ - **'ወታደራዊ ስትራተጂና ብዝምልከት'** ዓዲ-መሓመዳይ፡ ለካቲት 1975 ዓ/ም፣ **'ዝተናወሐ ህዝባዊ ኲናት'** ጉሩወሪ፡ 1976፣ **'ኲለ'መዳያዊ ኲናት ኣብ ትግራይ'** ኣቐማራ፡ 1977) ዝብል እዩ እቲ ኣብ'ዞም ፅሑፋት ሰፊሩ ዘሎ ዘይጥምዝዝ ሓቂ። (ቅዳሕ እዞም ፅሑፋት ምሳይ ይርከብ'ዩ)። ቀንዲ ሚልዓሊ ፍልልይን ከዓ ኣብዙይ ዝተማስረተ እዩ፤ ካልእ ሃበስ-ቀደስ ማጠዓዓሚ ቅመም እዩ። ጋዜጠኛ ሃይላይ፣ ካብ ፈጠራ ስዩም ምጉፅጓፅ ነባራት ሰነዳት ኣንቢቡ፣ ተረዲኡን ኣማኺሩን ታሪክ እንተዝፅሕፍ ክንደይ'ኮን መጥዓመሉ።

ምስዙይ ዝተተሓሓዘ **'ናይ ዓመት ናይ ፕሮፓጋንዳ ዓንዲ መደባት ኣብ ኣባላት ሊግን ሰራዊትን 1979'** ዝርእሱ መምርሒ ማ/ኮሚቴ ማሌሊት ዘርዚሩ ብምይይጥ ከሰርፅ ኣብ ዝወፀ መፅሄት፣ ቁ.2 " ኣብ ብሄራዊ ሕቶን ዝምድንኡ ምስ ወያነ ኢትዮጵያ ዘለዎ ምድንጋር ንምውጋድ፣ ኣብ ብሄራዊ ሕቶኡ የሕድሮ ንዘሎ ትሑት ግምት ንምስትኽኻል " ይብል። እቲ ቀንዲ ሚልእኽቲ ኣባላት ሊግን ሰራዊትን ካብ'ቲ ኣሕዲሮሞ ዘለዉ ገፊሕ ሃገራዊ ስምዒት ኣላቒቕካ ናብ ፀቢብ ብሄራዊ ኣረኣእያ ክምለሱ ምግባር ኮይኑ ዓመት ሙሉእ ብካድረታት ኣቢሉ ዘመተ ተኻይድዎ እዩ። ኣብ ሱዳን ናይ'ዚ ኣብ ትግራይ ንከለል (ንፅበብ) ዝብል ፕሮፓጋንዳ ሚፂማይን ተዋሳኣይን ኣይተ ስዩም ነይሩ።በበይ ሓሊፉ ድኣ እዩ ምስ በሪሁ ብዛዕባ ኢትዮጵያዊነት ዝከራኸር? 'ጊሜል ሰሪቕካ ጎምባሕባሕ' ዩ። ብሱሩ'ውን ስዩም ኣብ ኸም'ዚ ዝበለ ስትራቴጃዊ ርእሲ ምስ በሪሁ ተኻቲዑ ኣይፈልጥን ጥራሕ ዘይኮነ እቲ ትግራይ ዘገንፅል ካርታ ቅድሚ ኹሉ ብፅሑፍ ዝሓንፀፀ (ዝጠረረ) ባዕሉ ም኿ኑ ኣይኽሕዶን። ካብ'ዙይ ሓሊፉ'ውን ስዩም እዚኣ እትባሃል ፖለቲካዊ ይኹን ወታደራዊ ማስመር ሒዙ ተኻቲዑ ዝተባሃለሉ እዋን ኣጋጢሚ ኣይፈልጥን።

እግረ-መንገድና ካልእ ንእሽተይ ልጋብ ካብ 'ዓብዪ መሁር' ኣብ ገፅ-317 ክንዕዘብ፤ ናይ 'ፅንዓት' መድነቓይ ብዕድሚኡ ዓብዪ ዝኾነ ዶ/ር ሰለሞን ዕንቛይ ዝሃቦ ምስክርነት ኮይኑ፣ ሃይላይ ድርሰቱ ምስ ናይ ስዩም ወዳሰ ከጠዓዕም ስንቅር ዘእተዎ ዝማስል'ዩ። ንሱ ከዓ ዶ/ር ሰለሞን ንበሪሁ ኣብ ለንደን ረኺቡ ናብ'ቲ ቃልሲ ክምለስ'ያኢ ከምዝመዳዶ ዝገልፅ'ዩ። በሪሁ ብለካቲት 1980 ዓ/ም ካብቲ ወድብ ወፂኡ፣ ድሕሪ 2 ሰሙን ኣቡሉ ባሕቲ መጋቢት ንዶ/ር ሰለሞን ክረክብ'ያ ኣብ ካርቱም/ሱዳን ናብ ዝርከብ ቤት ፅህፈቱ ይኸይድ። ኣብቲ በሪ ቤት ፅሕፈት ጎፍንጎፍ ይራኸቡ'ሞ ዶ/ር ሰለሞን ኣኸሪፉ ይሓልፍ። በሪሁ "ለባም ዝበሎ ሰብ ፈራሕ መሲኑ" ከዓ ተዓዚቡ ይምለስ። ምስ ሃይለ ፊዳ (መኢሶን) ኣባል ኮይኑ ኣብ በርሊን/ጀርመን ጉባኤኦም ዝእከብ ዝነበረ ዶ/ር ሰለሞን ምስ በሪሁ ምርኻብ እንታይ ኣፍረሖ! ወይስ እኒ ስዩም ዝፀልእዎ ሰብ ንሱ'ውን ግድን ክፀልእ ኣለዎ? ከይበለ ኣይተረፈን። ድሕሪ'ዛ ማዓልቲ ርክብ የብሎምን። ኣብ ካርቱም ከይራኸብ ዝሃደመ ሰብ ድሓር ኣብ ለንደን ረኺበ ምዒደዮ ምባሉ ሓሶት እዩ፤ ከምኡ እንተዘይኢሉ ከዓ ናይ ሃይላይ ታሪክ መምሰሊ ፅወፅዋይ ይኸውን። ዝኾነ-ኾይኑ እቲ ሃጠውቀጠው ገዲፍካ ብዓብይኡ ዘሕዝን ግና ከም ዶ/ር ሰለሞን ዕንቛይ ዝበለ ዓብዪ መሁር ፅበትን ስስዕናን መራሕቲ ኢህወዴግ ንህዝቢ ትግራይ ጎዳኢ'ምበር ጠቓሚ ከምዘይኮነ ክርድኦ ዝኽእል ዝነበረ ሰብ እናሃለወ፣ ተረዲኡ'ውን ክቃወሞም ወይ ክገንሖም እናኸኣለ፣ ቀደም ብዘበን ንጉስ ሃ/ስላሴ ዝተማሃዮ ስልጣን ብዘይምርካቡ ዘሕደሮ ቅርሕንቲ ማሰረት ገይሩ ሕዚ ብሕታዊ ቂመን ጥቕመን ከርዊ ኣጉሉ/ለሚዑ ምትራፉ እዩ። (ዝርዝር ሓበሬታ ካልእ እዋን ክምለሶ ሕዚ ናይ ኣይተ ስዩም ስንክሳር ክንዛዝ!)

እዚ ናይ ጋዜጠኛ ሃይላይ 'ፅንዓት' ዝተብሃለ መፅሓፍ ኣስፊርዎ ዘሎ ዘይኮነ-ዘይነበረ ሓበሬታ ብሙሉኡ ኣሪኻ ንምወፃእን ብሓቀኛ ሓበሬታ ንምትካእን እንተተደልዩ እንተነኣሰ ክንዲ 2 እቲ መፅሓፍ ዝኸውን

ጥራዝ ከወፆ ይኽእል እዩ። መርፍእ ምስራቕን ብዕራይ ምስራቕን ያው ሓደ ስርቺ ኾይኑ ሓደ ሓሶትን 3 ሜኢቲ ሓሶትን ሓደ ሓሶት'ዩ ብዝብል ቀፂለ ኣብ ዝተወሰነ ጉዳይ ከተኩር። በዞይ በለ በቴይ ኣብ ህይወተይ መሉእ ከምዞይ ዓይነት ዝተዛበዐ 'ታሪክ' ዝሓዘለ መፅሓፍ ሪአ – ሰሚዐ ከምዘይፈልጥ ከይጠቕስኩ ክሓልፍ ኣይደልን። ኣይተ ኣስገደ ገ/ስላሴ ወሸን ኢሉ ጀሚርዎ ስለዘሎ ንፃዕሩ እናናኣድኩ ሓበሬታታት እናጣቐሰ ክቕፅለሉ እዩ ብዝብል እምነት ናብ ዝርዝር መኣረምታ ኣይኣቱን። ጠመተ ዝገብረሉ ሕዚ'ውን ዘስደምሚ ኣብ 'ፅንዓት' ምዕራፍ 8 ሰፊሩ ዘሎ ህዝብና ዝምልከት ክሕደት ስለዝኒሀ ናብኡ ከምርሕ። ንሱ'ውን ምስ ድርቂ 1977 ዓ/ም ተደሪቡ ዝተርኣየ ዓብዪ ክሕደት እዩ።

እቲ ድርቂ ኣሜልኪቱ ሃይላይ (ገፅ 290-4) "ሕዚ ፀልማት ዘበን እዩ ... ህልቀት ነገሰ ... ቁሸታት ትግራይ ባዲመን'የን። እቲ ህዝቢ ብርሰት እዩ ዘጋጥሞ ዘሎ። እሞኸ'ዳኣ ህልወና ህዝቢ ትግራይ ክቕፅል ድዩ?" እናበለ ኣምሪሩ ይገልፆ። ኣብዚኣ በፂሑ ሃይላይ ሓቂ ጥዒሙ እንተበልኩ እኳ ስዒቡ ዝመፀ መወድስ ምስኣንበብኩ ለካ ናይ ስዩም ስራሕ ክንዲ እቲ ክብደት ድርቂ ኣግዚፍካ ንምቕራብ እዩ ሕማሙ። ዘይሩ-ዘይሩ ስዩም ማስፍን ካብ ኤምባሲታት ናብ ገበርቲ ሰናይ፣ ካብ መፅለሊ ስዱዳት ናብ ሜዳ ብዘይ'ዕረፍቲ እናተመላለሰ እዚ ከቢድ ድርቂ ዝፈጠሮ ፀገም ፈቲሕዎ እናበለ ወዳሳኡ ይቕፅል (ገፅ 297)። እዚኣ ንምባል ከዓ እዩ ናይ'ቲ ድርቂ ክፍኣት ናብ ስእሊ ዘምፅኦ፤ እዞይ እንተዘይኸውን ሃይላይ ከም'ማጠን ጋዜጠኛ ነቲ ክፉእ ድርቂ ብዝምልከት ክሳብ ሕዚ ሜልሲ ዘይረኸቡ ብዙሓት ሕቶታት ኣቕሪቡ፣ ጉድለታትና ተፈሊጦም፣ ሳዕቤናት ድርቂ ኣቕዲምካ ዝእለዩሉ ብልሓትን ተሞኩሮን ክንዓጥቕ መኽአለና ነይሩ። ዕላማ ድርሰቱ ካልእ ስለዝኾነ ኣይሓሰበሉን ክበሃል ይካኣል እዩ።

ንቕድሚት፣ ክለዓሉን ሜልሲ ክረኽቡን ካብዝግበኦም ሕቶታት ኣልዒለ፣ ብወገነይ'ውን ዝፈልጦ ሜልሲ ሓቢረ፣ ብፍላይ ከዓ ብዛዕባ'ዚ ህዝቢን መወዳእታ ዘይብሉ ማከራኡን እግደስ'የ ዝብል ወገን ስርሒይ ኢሉ ኸዝትየሉን መፍትሒ ከናዲን እናተሓሳሰብኩ ናብ'ቶም ሕቶታት ክሰግር፤

1/ እቲ ድርቂ ኣብ'ዚ ደረጃ እዞይ ክሳብ ዝበፅሕ እቲ ወድብ እንታይ ይገብር ነይሩ?

2/ ጥቕዓት ድርቂ ምስተጋደደ'ከ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ይወሰድ ነይሩ?

3/ መፍትሒ ኣብ ምሕባር ዝተፈላለዩ ሓሳባት ይቐርቡ'ዶ ነይሮም?

4/ ፍልልይ ሓሳባት እንተነይሮም ከመይ ተፈቲሖም?

5/ ብስም ድርቂ ዘጥቀዖ ህዝቢ ዝተኣከበ ሓገዝ'ከ ነቲ ህዝቢ ተባፂሑ'ዶ ? ለወጢ'ከ ኣምፂኡ'ዶ?

ወዘተ. ዝብሉ ክኾኑ ነይሩዎም።

ነዞም ዝተጠቐሱ ይኹን ተመሳሰልቲ ሕቶታትጋዜጠኛ ሃይላይ ስሕት ኢሉውን ኣየልዓሎምን፤ እንተዘልዕሎም'ውን ናይ በዓል ኣይተ ስዩም ሜልሲ እንታይ ክኾን ከምዝክእል ካብ'ቲ ቁምነገር ተባሂሉ ዝተደጎሰ ወዳሰ-ስዩም ንምርዳእ ከቢድ ኣይኮነን። ወራይ ሃይላይን ገናሒኡ ስዩምን ብሕታዊ ረብሓ ምንዳይ ጥራሕ ስለዝኾነ ነዞም የመና ኣገደስቲ ሓበራዊ ሕቶታት ብወገነይ ዝፈልጦ ሜልሲ ክህብ ግቡእ ኮይኑ ይራኣየኒ።

ብቐዳምነት ድርቂ ድሕሪ ሕፀረት ዝናብ ክስዕብ ዝኽእል ተፈጥሮኣዊ ሓልኪ እዩ'ኳ እንተበልና ሕማቕ ሳዕቤናቱ ግና ብናይ ዝምልከቶም ሰባት ድኽመት/ስንፍና/ኣቓልቦ ምስኣን ዝፍጠር ፀገም እዩ፤ ነዞይ ከዓ እዩ 'ሰብ ዝሰርሖ' ፀገም ምዃኑ ዝግለፅ። ብሓቂ'ውን ጎረባብትና ሱዳንን ግብፅን'ኳ እንተረኣይና ዝናብ ዘይረኽቡ ሓወሲ ምድረ-በዳ ኮይኖም እናሃለዉ፣ ካባና ብዝኸደ ናይ ዝናብ ማይ ዓቑሮም ብማስኖ ህዝቦም

ክምግቡ በቒያም ዝርከቡ። ኣብዚኣቶም ብጥሜት ዝረገፈ ህዝቢ ከዓ ኣይተርኣየን። ኣብ ትግራይ ይኹን ድፍን–ኢትዮጵያ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ወሲድካ ህዝብካ ካብ ጥሜትን ስደትን ምድሓን ምተኽኣለ ነይሩ። ከም ታሪካዊ ኣብነት ክጥቀስ ዝግባኦ፣ ብስወእ ሜላስ በዛብህ ተበግሶ ዕቀባ ሓመድን ማይን ፕሮጀክት–ሽዋጣ ኣብ ኣበርገለ/ተምቤን ካብ 1975–77 ዓ/ም ተፍቲኑ ፅቡቕ ፍርያት ከርኢ ምስጀመረ "ብዙሕ ገንዘብ ኣጥፊእናሉ" ብዝብል ሰበብ ብኒ ኣይተ ስብሓት ወዲት ከምዝተዓናቐፈ ንዝክሮ ኢና። ሓወና ሜላስ በዛብህ ከዓ ብሕርቃን ነቲ ወድብ ጠንጢኑ ለንደን/እንግሊዝ ምስ ኣተወ ዓርሰ–ቅትለት ፈፂሙ ተባሂሉ። እቲ ድርቂ'ውን ብዝኸፍአ ማጠን ቀፂሉ።

እዙይ ስዒቡ ዝመፀ እቲ ዘስደምም ናይ 77 ዓ/ም ከቢድ ድርቂ ንኸየጥቅዕ ይኹን ምስ ጀመረ'ውን ንምክልኻል፣ በቲ ወድብ እዙይ ዝበሃል ዝረብሕ ስጉምቲ ኣይተወሰደን ጥራሕ ዘይኮነ ሳላ እኒ ስወእ ሜላስ በዛብህ ተጀሚሩ ዝነበረ መፍትሕታት'ውን ቀፂሙ ከምዝተርፍ ተገይሩ እዩ። ኣብቲ ነብሲ–ኣድሕን ፕሮጀክት ክወፅል ተመዲቡ ዝነበረ ናይ ኪኢላናን ንዋትን ቀረብ ናብ ካልእ ሚሌሊታዊ መደብ ተሳሒቡ እዩ። ኣብዚ እዋን እዙይ ቀወዒ ኣብ ኣቕማራ መዋፈሪ (ዝባን ወርዒ) ኣብ ዝተካየደ ኣኼብ ፖሊት–ቢሮ ህወሓት፣ ምድላው ማስራቲ ጉባኤ ሚሌሊት ናብ ንወሕ ዝበለ ገዜ ክመሓላለፍ እሞ እቲ ብቑዕ ተጋዳላይን ንዋትን ነቲ ብድርቂ ዝጥቃዕ ዘሎ ህዝብና ንምህጋዝ ክምደብ ሓሳብ በሪሁ ሓሳብ ኣቕሪቡ ብድምፂ በዝሒ ተነፀጉ። "ሚሌሊት እንተድኣ ተማስሪቱ ኩሉ ፀገም ብሳይንሳዊ ኣገባብ ክፍታሕ እዩ" በሉ ኣይተ ስብሓት፣ ኣባይን ለገሰ ዜናዊን ተኸታቲሎም። ስዩም ኣይነበረን፣ ሱዳን ኮይኑ ግን ናይኒ ስብሓት ሓሳብ ደጊፉ እዩ።

2ይ/ ጥቕዓት ድርቂ ተጋዲዱ ህዝቢ በቢ ቁሸቱ ከም ቆፅሊ ምርጋፍ ምስጀመረ፣ ዓቕሚ ዝረኸበ ከዓ ናብ ሱዳን ክስደድ ተነጊርዎ ፎቖዶ በረኻ ኣድያቦን ወልቃይትን ብዘይ ሓደ ኣላዪ ጡብጡብ እናበለ ክሃልቕን፣ ኣደታት ወላደን ሓዚለን ምኽያድ ተስኢንወን ኣብ እግራ መቓር ኣፀጊዐን ክፎሓኻ ከነዋን፤ ዝኻኣለ ከዓ ስኑ ነኺሱ ዶብ ሱዳን ክሰግርን ከሎ፣ እኒ ስዩም ማስፍን ነቲ ሱዳን ዝኣተወ ብኣሻሓት ዝቑፀር ብድርቂ ዝማሰነ ስዱድ ህዝቢ ንወሕዳት ተራ ተጋደልትን ተሓባበርትን ገዲፎም እቲ ናይ ረድኤት ገንዘብ ፅዒኖም ሚሌሊት ክምስርቱ ናብ ወርዒ ይግስግሱ ነይሮም። ኣይተ ስዩም ናይ ሚሌሊት ዕድምተኛ መሪሑ ጥራሕ ዘይኮነ ንሚሌሊት ዘወድስ መዝሙር ኣቀናቢሩ እናዘመረ እዩ ወርዒ ኣትዩ። ኣብ ሜዳ ዝነበርና'ውን ምስ ኩሉ "መሪሕ–ባእታ" ዝተብሃለ ነባር ተጋዳላይ ተጠቓሊልና ናብ ወርዒ ከተትና። ኣብ ወርዒ ካብ 800 ዘይወሕድ ጉባኤተኛን፣ ንዕኡ ዝምግብ – ዝሕሉን ዝላኣኣኽን ደሚርካ 2 ሽሕ ተጋዳላይ ክኸውን እዩ ተኣኪቡ ዝነበረ።

ስዋ ተፀሚቑ በቢመዓልቱ ስጋ ከፍቲ እናቐረበ ተራእዩ ዘይፈልጥ ድግስ፣ ብናይ'ቲ ወድብ ባህላዊ ጉጅለታት ምሽት–ምሽት እናተጎየለ፣ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ተፈሲጉ እዩ። እታ ልደት ሚሌሊት ተብስር ናይ ስዩም መዝሙር ግና ኣብ ሞንጎ ከይዲ እቲ'ጉባኤ ጊዜ እናተወሃባ በቲ ጉጅለ 'መሪሕ–ባእታ' ጉዳይ ወፃኢ ኣቢላ ሓጎሳ ትገልፅ ነይራ። ሃፀይ ሃይለ–ስላሴ ልደቶም ደርግ'ውን ምስረታ ኢሰፓ ብእዋን ድርቂ ከብዕሉ ኬክ ቆሪሶም፣ ዊስኪ ካብ ወፃኢ ሃገር ኣፅዒኖ ተባሂሎም ዝተወገዙሉ ጊዜ ክዝክሮ ከለኹ ኣብ ወርዒ ምስ ዝካየድ ዘሎ ናይ ሚሌሊት ምስረታ ድግስ ብምንታይ ድኣ ይፍለ ዝብል ሕቶ ከልዕል ስነ–ሞጎታዊ ኮይኑ እረኽቦ። ኣብ ማእኸል ዘስካሕክሕ ድርቂ ኣብ'ቱይ ዝማስል ድግስ ምስታፍ ወኻ ንዘለዎ ሰብ እንተናእሰ ናይ ሕሊና ስቅያት ዘሕድር እዩ ነይሩ። በሰላኡ'ውን ብቐሊሉ ዝጠፍእ ኣይኮነን። እዚ ዘሕዝን–ዘስደምም ትርኢት በዙይ ጥራሕ ዘብቅዕ ኣይነበረን።

ጉባኤ ተወዲኡ በቲ ጉባኤ ዝተመረፅና ማእኸላይ ኮሚቴ መደባት ስራሕ ንምወፃእ ተኣከብና። ሓደ ካብቲ ስራሕና ባጀት ምምዳብ ነይሩ። በቶም ብድርቂ ዘረገፉን ኣብ ሱዳን 'መፅለሊታት' ዝርፍረፉ ዘለዉን ህዝብና ስም ዝተኣከበ ጥረ ገንዘብ፣ ሓደ ሚኢቲ ሚልዮን ቅርሺ (100.000.000)፣ ኣይተ ኣወዓሎም

ወልዱ ብጉጅለ ስዩም ተዓጂቡ ካብ ሱዳን ብካሻታት ሚሊኡ ኣምጺኡ እኒሀ። ኣጀንዳ በጀት ምደባ ምስተልዓለ፣ ለገሰ ዜናዊ ተቐዳዲሙ 45% ንህወሓት ስራሕ መካየዲ፣ 50% ንማሌሊት እግሪ መትከሊ፣ 5% ብድርቂ ንዝተጎድኡ ከባቢታት ይወዓል በለ። ኣባይ ደገፎ፣ ስብሓት ሰዓበ፣ ስዩም ቀፀለ። እዚ ባጀት መቐሎ ተቐባልነት ዝረኸበ ማሰለ። በሪሁ ኢዱ ኣልዒሉ "ኣንቱም ሰባት ድርቂ ብዘጥቀዖ ህዝብና ስም ዝተኣከበ ገንዘብ ነቲ ህዝቢ እንምድቦ ገንዘብ ልዕል ክብል ኣለዎ" በለ (ቃለ-ጉባኤ ኣብ ቴፐን ወረቐትን ተታሒዙ'ዩ)። ሓሳቡ ዝድግፍ ኣይተረኸበን፣ ስለዙይ ናይ ለገሰ ባጀት መቐሎ ኣብ ግብሪ ወዓለ። ካብታ ዕለት ንሳ እዞም ሰባት ኣራዊት'ምበር ሰብ ኮይኖም ክረኣዩኒ ኣይካኣሉን። ዝኾነ ኣራዊት ከዓ ንወገኑ ከም'ዘይጭክን ከስተንትኖ ከለኹ፣ ነዚኦም ስም ሰኣንኩሎም።

በዚ ኣንፃር ግና ጋዜጠኛ ሃይላይ (ገፅ-297) "ሕዚ ስዩም ወዲ-ኸወሊ... እዩ ዘሎ። ኣብ መዓልቲ ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሰብ ይሞውት ኣሎ። እዚ እንትኸውን ስዩም ብዓይኑ ይርኢ ኣሎ። ነብሱ ይልብለብ፣ ልቡ ብሓዘን ይደሚ" ይብል። ጠገለ ዘይብሉ፣ ዘይገጣጠም ወዳሰ! ልቡ ብሓዘን ዝደሚ ሰብ ነቲ ዘድሚዮ ፀገም ክፈትሕ ቀዳምነት ክህብ'ዶ የብሉን? ብስም እቲ ፅጉም ህዝቢ ዝተተኾቦ ናይ ረድኤት ገንዘብ ኣብ ናይ ባዕሉ ፓርቲ (ማሌሊት) መደብ ድዩ ከወዕል ዘለዎ? ፍርቂ እኳ'ዶ ነቲ ፅጉም ህዝቢ ኣይገድፈሉን? ብሱሩ'ሺ ኣብ መዓልቲ ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሰብ ክመውት እናራኣካ፣ እዚ ኩነታት'ዚ ረጊፅካ ናብ ሚሉእ ወርሒ ዝወስድ ምስረታ-ማሌሊት ድግስ እሞ እናዘመርካ 'መሪሕ-ባእታ' ዘበለ መሪሕካ ይምፃእ'ዶ? እዚ ዓይነት ጭካነ ኣራዊታዊ እንተተብሃለ ኣይንእሶን'ዶ ? ከም'ከሚይ ብጌጋታትካ ጣዕሳ ምርኣይ፣ ነቲ ጥፍኣትካ ከዓ ሰዓባይ ወለዶ ከይደግሞ ከም ተሞክሮ ምሕላፍ እምበር ዘይኮነ ታሪክ ክተጥልቕ ምፍታን 'ሓባል'ስያ ማጠምቲኣ ትኩሓል' ዘብል ኮይኑ ኣብ ከፉእ ጊዜ ክፍፀም ከሎ ገበን ኣብ ልዕሊ ገበን ምድራብ እዩ።

ቀፂሉ ጋዜጠኛ ሃይላይ (ገፅ-299) "ገለ ገበርቲ ሰናይ ነቲ ኣብ ሱዳን ዘሎ ስደተኛ ብሓደ ገፅ እንትሕግዙ ብኻልእ ገፅ ድማ ብሰብኣዊ ክብሩ ተዋስኦ ክሰርሑ ይፍትኑ ነይሮም" ይብል። ናይ ኣገላልፃ ክእለቱ ጨል ነይሩ፣ ኣወዓዕልኡ ግና ኣይፈለጠሉን። ተወሳኺ፣ ኣይነበረ-ኣይረኣየ ኣጋጊዮሞ ኣለዉ። ገበርቲ ሰናይ ነቲ ስዱድ ብሓደ ገፅ እንትሕግዙ እኒ ስዩም ከዓ እቲ ሓገዝ ፅዒኖም ናብ ወርዒ ኣምጺኦም "ማሌሊተይ..." እናበሉ ወርሒ ሚሉእ ሳዕሲዖም። ኣየነዎት እዮም ብሰብኣዊ ክብሪ ህዝብና ተዋስኦ ዝሰርሑ ዘለዉ? እቶም ብሓደ ገፅ ዝሓገዙ'ዶ ወይስ ንቲ ሓገዝ ሒዞም ክጉይሉ ወርዒ ዝወረዱ? (ሃይላይ ሜልስ! እሞ ሕሊናኻ ዝመርሐካ እምበር ሜልሲ ደሊኻ ናብ'ኒ ስዩም እንተኼድካ ዳግም ከጋግዩኻ እዮም ንበሎ።)

3ይ/ ልዕል ኢሉ ከምተገለፀ መፍትሒ ድርቂ ኣብ ምሕባር ዝተፈላለዩ ሓሳባት ካብ ሓድሓደ ተጋደልቲ ይቐርቡ ነይሮም። ናይ ሸዋጣ ፕሮጀክት ዓይነት ዕቀባ ማይን ሓመድን፣ ናይ ማሌሊት ዓይነት ዓበይቲ ኣኼባታት ተሪፎም እቲ ብቑዕ ተጋዳላይ (መሪሕ-ባእታ) ድርቂን ሳዕቤናቱን ኣብምቁፅፃር ክዋፈር፤ ዝበዝሐ ረድኤት ህዝቢ ኣብ ምድሓንን ሚሊስካ ኣብ ምቁቓምን ክምደብ ወዘተ ዝብሉ ነይሮም። ብኣንፃሩ ማሌሊት እንተተፈጠራን ብ2 እግራ ምኻድ እንተጀሚራን ኩሉ ፀገም ብሳይንሳዊ ማምርሒ ክፍታሕ እዩ ዝብል ህረፍ ስልጣን ዘበገሶ ወዲት ሚእኸል ዝገበረ ምላሽ ይወሃብ ነይሩ።

4ይ/ እዞም ድርቅን ኣፈታትሕኡን ኣሜልኪቱ ዝቐርቡ ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ኣብ ገፊሕ መድረኽ ስሩዕ ዘተ ኣይተገበረሎምን። ምኽንያቱ እቶም ህዝቢ ዘቐደመ ሓሳብ ዘበግሱ ሰባት ከም ወድብ ከይትዓቢ/ከይትምዕብል ዘዕንቅፉ ጌረካ ብምቑፃር፣ ለገሰን ስብሓትን ንብዙሕ ዓመታት ብዝተነጉዎን ዘተሓባበርዎን ስዉር ወዲት ባይታ ኣስኢኖሞም እዮም። ድሕር ኢሉ ከዓ ግልፂ ብዝኾነ ዘመተ ኣብ ልዕሊ ግዱሳት ተጋደልቲ ናይ ምእሳር፣ ምቕታል፣ ምብራር፣ መጥቃዕቲ ብምክያድ እቲ ፀረ-ህዝቢ እኩይ ውጥኖም ኣብ ግብሪ ከምዘወዕል ገይሮም እዮም። ኣይተ ስዩም ከዓ ናይዞም 2 ሊቀ-ተንኮላት ሰዓቢ ኮይኑ እዩ ኣብዙይ በፂሑ።

ኣብዚ ኣሸጋሪ እዋን እዙይ ነይሩ ምዕባለ-ወድብ ዓገቲ/መዐንቀፍቲ/ዝተሸኸሉ ተባሂሉ ኣብ ጉባኤ ዝተመረፁ እኒ ተኸሉ ሃዋዝ፣ ግደይ ዘርኣፅዮን፣ በሪሁ (ኣረጋዊ በርሀ)፣ ድሓር ኣብ ፀቢብ ኣኼባ ማ/ከሚቴ ማሌሊት/ህወሓት ብወዲት እኒ ለገሰ ዝተወገዱ። እቲ ሃይላይ (ገፅ-308) "ዝኻኣለ ይጉየ፣ ዝደኸመ ይሳለ፣ ዘይካኣለ ይተኣለ" ዝብል ህንዱድ ማሌሊታዊ ጭርሖ ኣብ'ዘይ ቦትኡ ዝሰኮዖ፣ ነዞም ዝተጠቐሱ ተቓወምቲ ጥራሕ ዘይኮነ ንኻልኦት ብዙሓት ናይ እማን-ግዱሳት / ለባማት ተቓለስቲ'ውን ንምብራር፣ ንምእሳር፣ ንምቕታል ከኽእል ዝተምሃዘ ናይ ጭካነ ጭርሖ እዩ ነይሩ። እዚ ሰንካም ጭርሖ ሕዚውን ኣብ ግብሪ ይውዕል ኣሎ።

5ይ/ ብስም ድርቂ ዘጥቅዖ ህዝብና ዝተኣከበ ሓገዝ 95 ሚልዮን ቅርሺ ንህወሓት ስራሕ መካየዲን ንማሌሊት መትከሊ እግርን፣ 5 ሚልዮን ከዓ ንቲ ህዝቢ ከምተመደበ ቅድም'ኢሉ ጠቒሰ ኣለኹ። ንህዝቢ ሓገዝ ተባሂሉ ካብ ዝታኣከበ ገንዘብ 95% ንናይ ባዕሎም ናይ ስልጣን ሕልሚ መርወዪ ኣውዒሎም፣ 5% ነቲ ህዝቢ ክምድቡሉ ከለዉ ንይምሰል ምዃኑ ዝጠፍኦ ሰብ ኣይህሉን፤ ምናልባት ከምኣቶም ኣራዊታዊ ጠባይ ዝወረሰ ሰብ እንተዘይኮይኑ። ካብ ብሱሩ ፀገም ህዝቢ ዝፈትሕ ዕላማን ተበግሶን ስለዘይነበረ፣ ሕዚ'ውን ስለዘየለ እቲ ድርቂ ዘስዕቦ መከራ ሽዑ ይኹን ሕዚ ክፍታሕ ኣይከኣለን። እኳ'ድኣ ገዲዱ ይርከብ። እቲ የመና ዝገርም ከዓ ብዘበን ሃፀይ ሃ/ስላሴ ብኣሽሓት ዝቑፀር ህዝቢ ብድርቂ ይጥቃዕ ነይሩ፤ ብእዋን ደርግ ወሲኹ ናብ ሚልዩናት ተፀጊዩ። ብዘበን ለገሰ ዜናዊ ግና የመና ከፊኡ ብዓሰርተ ሚልዮናት ዝቑፀር ህዝብና ተጠቃዓይ ምዃኑ እዩ፣ እሞ'ኸዓ 'ገጠር ማእኸል ዝገበረ ኢኮኖሚዊ ፕሮግራም ነተግብር ኣለና' እናተብሃለ ። 18 ዓመታት ብተኸታታሉ ንርእዮ ዘለና መሪር፣ መሕዘኒ፣ መዋረዲ ሓቂ ንሱ እዩ።

እዚ መሪር ሓቅታት ኣፍጢጡ እናሃለወ ጋዜጠኛ ሃይላይ (ገፅ-290) "ሕዚ ደርጊ ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝወረደ ሓደጋ ድርቂ ዝሓስበሉ እዋን ኣይኮነን። ኢሰፓ ዝምስረተሉ እዋን ስለዝኾነ ..." ይብለና ኣብ ምስረታ ኢሰፓን ማሌሊት ቆልዓ ዝነበረ ጋዜጠኛ። ማሌሊት ኣብ ዝምስረተሉ እዋን (1977 ዓ/ም)፣ እኒ ኣይተ ስዩም ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝወረደ ዘስካሕክሕ ሓደጋ ድርቂ ሓዲነም ማሌሊት እትበሃል 'ዒፍ ማስቀል' ከዋልዱን እግሪ ከትክሉን ካበይ ናበይ ከምተጉዓዙን ክንደይ ከምዝባኸኑን ግን ኣይትንክፎን። እኳ'ድኣስ "ስዩም ማስፍንን ካልኦት ኣመራርሓ ህወሓትን ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቦምን ወድቦምን ዘንፀላለወ ሓደጋ ንምፍታሕ ላዕልን ታሕትን እንትብሉ ..." እናበለ የወድሶም (ገፅ-292)፣ ወዳሰ ከንቱ!።

ክኸውን ዝግበኦ መለኪዒና ኩነታት ህዝበና እንተኾይኑ፣ ደርግ በይኑ ዝኹነኑ ስነ-ሞገት የለን። ክንዲዙይ ዝኣክል ገዚፍ ሓሶት ዝጋዋሕ ዘሎ እኒ ስዩም ኣብ ልዕሊ ድርቂ ዘጥቆዖ ህዝብና ዝፈፀምዎ ኣራዊታዊ ግፍዕታት ንምሽፋን ዝሃቀነ ሜላ ከይኮነ'ውን ኣይተርፍን! መቸም ጋዜጠኛ ሃይላይ እዚ ፅወፅዋይ የቀነባብሮ'ምበር ባዕሉ ዝፈጠሮ ሜላዊ ስንከሳር ክኸውን ኣይኽእልን፤ ምኽንያቱ ሃይላይ - ወዲ እቲ ጀግና ተጋዳላይ ሓድጉ ካብ'ኮነ - ቆልዓ ኮይኑ ዝሓለፎ ታሪክ ቃልሲ ህዝብና ንስዩም ማእኸል ገይሩ 'ዘዘንቱ' ዘሎ። ሰነዳት ኣብ ቴፕ፣ ኣብ ወረቐት ሰፊሩ እናሃለወ ኣይተጠቐመን። እቲ ታሪክ ኣድቂቖም ዝፈልጡ መንኅኛታት ወይ ነፃ ሰባት ብበዝሒ እናሃለዉ ማስከርቲ ገይሩ ኣየቕረበን። ስለዙይ ዝኸሉ ፅወፅዋይ ካብ መን'ዩ ሰኒቕዎ? ካብቶም ሕማቕ ታሪኮም ተሸፊኑ ክተርፍ ዝፅዕሩ ዘለው ሰባት ጥራሕ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣዛኒቑ ይጥቀሶም እምበር ብዋናነት ስዩም ማስፍንን ስብሓት ነጋን ኮይኖም ለገሰ ዜናዊ መምርሒ ወሃባይ ከምዝኾነ ካብ'ዚ ኣነፃፅራ ዝፅሐፍን ካብ ፖለቲካዊ ዝምድና እዞም ሰባት ምርዳእ ይካኣል እዩ።

ብሱሩ'ኸ መፅሓፍ መሉእ ዘይከዉን ታሪክ፣ ወዳሰ ኣምሲልካ ጠማዚዝካ መፅሓፍ ማብገሲኡ እንታይ እዩ?

እዚ ጉዳይ ናይኒ ስዩም ሕልሚ ዘርዊ ብምዃኑ ጥራሕ ዘይኮነ ንወሉድ-ወለዶ ዘሕልፎ መልእኽቲ'ውን ኣብ ግምት ኣትዩ ብዑምቀት ክረአ ዘድሊ እዩ። ሓደገኛ ናይ ታሪክ ጉህሚ ተፈጢሩ ወሉድ-ወለዶ ዕንይንይ ከይብል፣ መልሲ ናይ'ዚ ሕቶ እዙይ ኣዳቒቕካ ምርኣይ ሓላፍነት ናይ ዝስማዖ ኩሉ ስራሕ እዩ። ብቐዳምነት ፍልፍል ናይ'ዚ "ፅንዓት" ዝተባሃለ መፅሓፍ እኒ ስዩም እምበር ሃይላይ ክኸውን ከምዘይኽእል ብናይ ዕድመ ግብጦ ክብፃሕ ዝክእል'ዩ። እዙይ ኣመልኪቱ ኣይተ ኣስገደ'ውን ፅቡቕ ሓበሬታ ሂቡ ኣሎ። እዚ ናይ ሓሶት ታሪክ ኣፅሒፎም፣ መሪቖም ናብ ዕዳጋ ዘርጋሕቲ እኒ ስዩም እዮም።ናይ ባዕሎም ኣንቅዶ እንተዘይኸውን ሃይላይ ዘይኮነ ታሪክ ትፅሕፍ ኣለኻ ኢሎም መቚረፅዎ ወይ ምኣሰርዎ፣ ከምቶም ሓሶት ፅሒፍኩም እናተብሃሉ ተኣሲሮም ዝርከቡ ጋዜጠኛታት።

እኒ ስዩም ናይ ሓሶት ታሪክ ንምንታይ የድልዮም? መልሱ ከቢድ ኣይኮነን።ብናይ ሓፋሽ መሪር ቃልሲ ተጎላቢቦም ኣብዘይተፀበይዎ ስልጣን ስለዝደየቡ፣ እሞ ነቲ ዓብዪ ስልጣን ዝምጥንን ምስ ታሪክ ሰሪሖም ዝኸበሩ ሰባት ማዕረ ዝሰርዕን ታሪካዊ ክብሪ ምልባስ ስለዘድለዮም'ዩ። እዚ ትምኒቶም እዙይ ብጋዜጠኛ ሃይላይ ኣቢሎም ክፈጥርዎ ጀሚሮም ኣለዉ።

በዚ ፅባሕ ዝለቅዎ ስልጣን ልቦም ተደፊኑ ድኣ'ምበር፣ ካብ ኣጀማምርኡ ኣትሒዙ ነቲ ቃልሲ ከም ወላዶም ዝፈልጡ ሰባት ከቃልዑና እዮም፣ እቲ ህዝቢ'ውን ክዕዘበና እዩ ክብሉ ምኸኣሉ። ግን ዘቃልዑ ከምዝህልዉ ይፈልጡ'ምበር ንህዝቢ ስለዝንዕቑ ብዙሕ ኣይስከፉን። ብሓደ ገፁ ዕጡቕ ሰራዊት ሐዝና ህዝቢ ኣበይ ከይበፅሕ'ዩ ዝብል ናይ መላኺይ (ዲክተአተርያዊ) ጠባይ ኣለዎም። በቲ ካልእ ገፅ ብዓብይኡ ከዓ ካድረ ሐዝና፣ መራኸቢ-ብዙሃን (ሚድያ) ተቖፃፂርና ህዝቢ ዝበልናዮ ክቕበል ኣለዎ ዝብል ፈሊጥ ካብ ሜዳ ኣትሒዞም እናተጠቐሙሉ ኣብዙይ በፂሖም እዮም። ሚሌሲታዊ ፈሊጥ ይብልዎ!

ኣብ'ዚ እዋን ስዩም ናይ ለገሰ ምእዙዝ ተኸታሊ እዩ። መላኺይ ጠባይ ለገሰ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ሕዚ ኩሉ ተበግሶ ለገሰ ክፈልጦኦ ኣለዎ'ሞ ናይዚ መፅሓፍ ኣጀማምራን ኣፈፃፅማን ለገሰ ክፈልጦ ግድን'ዩ። ለገሰ ከዓ ካብ ስዩም ንላዕሊ ሓዱሽ ናይ ታረክ ቅብኣት ዘድልዮ ፍጡር እዩ። ቅድም ክብል " ኢትዮጵያን ያለ ማለስ ማሰብ ኣይቻልም " (ብዘይካ መለስ ኢትዮጵያ ኢልካ ምሕሳብ ኣይካኣልን) ዝብል ጭርሖ ተቐሪፁ ከምዝረአና ኣይንስሕቶን። 'ሓቀኛ ታሪክ' እናበልካ ወዳሰ ምፅሓፍ ተጀሚሩ ዝኒሀ ፈሊጥ ኣበይ ክብፀሐና ከምዝዓለመ ብጋንኡ ምስትብሃሉ ግድን ኣድላዪ እዩ። ስለዙይ ቀንዲ ዕላማ ናይ 'ፅንዓት' ተበግሶ ናይ ለገሰ ዜናዊ ሓዱሽ ታሪክ ንምፅሓፍ ባይታ ምምድማድ ክንግንዘብ የድሊ። በዚ ናይ ስዩም ፅወፅዋይ ኣቢሉ መጥዓሚ ዝኸውን ስራሕ ተጀሚሩ ኣሎ። ናይ ስዩም መወድስ ('ፅንዓት') መፈተሺ እዩ። ብንፁር ኣፅሪኻ ንዘይፈለጥካዮ ሓይሊ ፀላኢ ብንእሽተይ ጉጅለ ወግእ ፅሒርካ ኢኻ ዓቕሙ እትምዝኖ። ወዳሰ ስዩም ዓይነት ፅወፅዋይ ህዝቢ ሓቂ መሲልዎ'ዶ ይቕበሎ? እንታይ ዓይነት ተቓውሞ ከጋጥም ይኽእል? ተቓውሞ እንተጋጢሙ'ኸ ከመይ ንኣልዮ? ወዘተ. ዝበሉ ኣፀጋሚ ሕቶታት ከመይ ከምዝስገሩ ንምርኣይ እዩ። ናይ'ዚ መፈትሺ ስወር ብልሓት ይትረፍ'ዶ ጋዜጠኛ ሃይላይ ኣይተ ስዩም'ውን ክርድኦ ኣይካኣለን፤ ንባዕሉ ተወዲሱ ስለዘሎ ብታሕጓስ ደንዚዙ እዩ።

መተካእታ ዘይብሉ ህይወቶም ዘወፈዩ፣ ናይ በዓል ስሑል፣ ኣግኣዚ፣ ሚኤ፣ ዶ/ር ኣታኽልቲ፣ ረዳኢ፣ ማርታ፣ መብራት፣ ፀጋብርሃን፣ ገብሩ፣ ሰበሮም፣ እምሩ፣ ተ/ሃይማኖት ሸሪፎ፣ ምሕረት፣ ወዲ-ሓጎስ፣ ኣልማዝ፣ ብርሽዋ፣ ኣርሴማ፣ ከሜል፣ ኣሕፈሮም፣ ብሩኽ፣ መንጅር፣ ከበደ፣ ጅፍዒት፣ ሰመረ፤ ክንደይ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ በላሕቲ፣ ማስተወፀልቲ ጀጋኑ ተቓለስቲን ኣምሳያኦምን ቖፂርና ክንወፆ፤ ዘሕብን ታሪክን ስሞምን ተሸፋፊኑ ዘሎ ናይ'ዞም ቃልሲ ከይጎድኡም ተሸጓጢምን ተጎላቢቦምን ዝሓለፉ ኣምሰልቲ (ስዩም/ለገሰ ሰዓብቶምን) ዘይነበረ ታሪክ ንምፍጣር እዩ። ኣብ'ቲ ቃልሲ ደራኺ ኣስተዋፅኦ ከመዝገቡ ኣካሎም ዘጉደሉን ዝተለሓሓፁን ወናማት ተቓለስቲ ብህይወት እናሃለዉ ከምዘየለዉ ዝቖፅር ዘሕፍር ፅዩቕ

ተግባር እዩ። ግን እንታይ’ሞ ይኹን ‘እንተሸፈንካያ ዘይትሸፈን ሓቀኛ ቕያ …እንተተሓብአት’ውን ተቐላዒት እያ’ ክብሉ በዓል መሎጌታ ብቲ መቁር ዜማኦም፣ ሓቂ ብሓሶት ምትካእ ከምዘይካኣል ኣብ ህዝቢ ኣስሪዖም እንድዮም!!! ህዝቢ ብግዱሳት ደቁ ኣቢሉ ታሪኩ ክሕሉ ይግባእ። ብፍላይ ናይ ታሪክ ምሁራት ባዕላዊን ሞያውን ሓላፍነት ከምዘለኩም ከወስእ እፈቱ። ዋጋ ታሪክ ብማለበማይነቱ ይምዘን!!!

ኣረጋዊ በርሀ

ዘሄግ – ኔዘርላንድስ

09-10-2009